አምላክ የሰጠውን ቆርሶ ባጎረሰ

ውለታውን ረስቶ ጥርስ እጅ ነከሰ

መእተዊ ንኽትኮነኒ ኢለ እየ

ጥላሁን ካብ ዝደረፎ

# ሰባሪ ኢድ

ዋጋ ደመራሃፅ ከንዲ ዘኽለስና

ኣኽላባት ኣለዉ ዝነኽስዎ ኢድና

በይዛ ስኒት ሰላም ከንዲ ዝዓቀልና

ደናቁር ኣለዉ ዘይፈልጡ ባህርና

ንሰናይ ዝኽሕድ በላዒ ክልተ ስጋ

ሰብ ዝመስል ቶኽላ ሸለው ላጋ

ንዓርሱ ሓሲሩ ክብሪ ሰብ ዘውረደ ዕዳጋ

ከም በርሚል ዝድፋእ ዝተረግመ ዜጋ

ሓሴት ለጊስካሉ ክብሪ ዘይልግስ

ሰባሪ ኢድ ብኽፉእ ዝምልስ

በሪ ከፊትካሉ ማዕፆኻ ዘፍርስ

**ቡኻሪት** **እ**ምበር ሰብ ኣይኮነን እዚስ

**ማዓር ቀሪብካሉ ዕረ ኢሉ ዝድር ቢ**

ዝንቢ ኢሉ ዝምጉት እንዳኣርእኻዮ ንህቢ

ብልክዕኻ እንተሎ ንዘርኡ ዘዐቢ

ሓውካ እየ ኢልካዮ ልቢ ዘየዕቢ

ከመዓልካ ኢልካዮ እዝኑ ዝዓብሰልካ

ናይ ሰብ ክትገብረሉ ሰብዩ ኢልካ

ወገነይ ኢልካዮ ወገን ከኾነካ

ግርንቢጥ ፍጥረቱ ይፅይቖ ሽምካ

ወዳሲ ዘብረሱ መልሓሱ ዘንወሐ

ሆይሆይታ ከም ከልቢ ዝነብሐ

ክቡር ሽም ተፅዒኑ ከምሽሙ ዘይሰርሐ

ታሪኽ ዘይፈልጥ ልሳኑ ዘይገርሐ

መፅሓፍ ዘይገንፀለ ኣዝማሪ እንዳ መሸታ

ዝመፆ ዝድርጉሕ ናይ ቃላት ፀወታ

ሓሜጪ ዝበዝሖ ዘትረፈ ወኻዕታ

ን ገለ ከሐጉስ ከብልዎ ሓኔታ

ትዕቢት ዘዐወሮ ታሪኽ ዘይከተበ

ህዝቢ ብብዙሑ

ታሪኽ ብገፌሑ

ሓንጎሉ ዘፅበበ

ናብ ፀለሎ ታሪኽ ፃዕዳ ዘላገበ

ሰራቒ ታሪኽ ናይ ዘበነ ሸ ጅግና

ኣብ ሸዋ ኣኾራ ጎቲኑልና

ትኾን እቶ ኣያ ቁንጪ ውፃእ

ዝገደደ ናይ ጃነሆይ ምምፃእ

ተባሂሉ ነይሩ ቀደም

ብርሃነ እየ

ኖርወይ